# ፍረምሊንስፓስ

ፓስፖርት ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ግን ፓስፖርት ከተውጽእ ብሱሩ ኣኽእሎ እንተ ዘይብልካ። ኣብ ሓደ-ሓደ ፍሉያት ኩነታት። ቦርድ ሚግረሽን ፍረምሊንስፓስ ኪህበካ ይኽእል'ዩ፣ ከምቲ ንቡር። ቦርድ ሚግረሽን ብኻልእ ምኽንያት ተደሪኹ ፍረምሊንስፓስ ኣይዕድልን'ዩ፤ ንኣብነት። ፓስፖርት ምውጻእ ዘሸግረካ። ነዊሕ ጊዜ ዚወስደልካ ወይ ዚኸብረካ ምስ ዚኸውን፣
ብመሠረቱ። ብምኽንያት ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ እንተ ወሲድካ። ኵሉሳዕ ፍረምሊንፓስ ክትቅበል ትኽእል ኢኻ፣

ብፍረምሊንፓስ ናብ ኵለን ሃገራት ክትገይሽ ትኽእል ኢኻ፣ ብዘይካ ናብ ሃገርካ፣ ምኽንያቱ ከኣ ኣብ ሽወደን ደላይ ዕቑባ ኴንካ መንበሪ ፍቓድ ስለ ዚወሰድካ'ዩ፣ ብፍረምሊንፓስ ብዘይካ ናብ ሃገርካ ናብ ኵለን ሃገራት ክትገይሽ ትኽእል'ኳ   እንተ ኾንካ። እታ እትገሽላ ሃገር። ከም መጠን ዜጋ ካልእ ሃገር። ቪዛ ክትሓተካ ትኽእል'ያ፣

ፍረምሊንፓስ እቲ ብኤውሮጳዊ ሕብረት ዚቐርብ ጠለብ የማልእ'ዩ፣ እዚ ማለት ድማ። ንዓኻ ዚርኢ ሓበሬታ ከም ኣሰር ኣጻብዕ። ሥእሊ ዚሓዘ ዳታቺፕ ኣለዎ፣

ı8 ዓመት ዘይመልአ ቈልዓ ፍረምሊንስፓስ ኪወስድ ካብ ወለዱ ወይ ሞጒዚቱ ፍቓድ ኪህልዎ ኣለዎ፣

## ፍረምሊንስፓስ ምሕታት

ፍረምሊንስፓስ ክትረክብ ብፍሉይ ቕጥዒ መመልከቲ (መሕተቲ) ኢኻ ትሓትት፣ እቲ መመልከቲ ናብ ሓደ ካብ ኣብያተ ጽሕፈት ቦርድ ሚግረሽን (ቲልስቶንድኤንሄተር) ብኣካል ኬድካ ኢኻ ተእትዎ፣ ኣቐዲምካ ቈጸራ ምግባር ኣየድልየካ'ዩ፣ ምስቲ መሕተቲ እዞም ዚስዕቡ ይስነዩ።

- ኣቐዲሙ ዚነበረካ ፓስፖርት (እንተ ኔሩካ)፣
- ንመንነትካ ዜረጋግጹ ካልኦት ሰነዳት፣
- ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ከም ዚወሰድካ መረጋገጺ ወረቐት፣
- ı8 ዓመት ዕድመ ንዘይመልአ ቈልዓ ዚኸውን ፓስ እንተ ኾይኑ። ፍቓድ ካብ ወላዲ/መዕበዪ ሞጒዚት፣

መሕተቲ ፓስ ኣብ እተእትወሉ ጊዜ። ቦርድ ሚግረሽን ሥእልኻ የልዕል ኣሰር ኣጻብዕ'ውን ይወስድ፣ ኣብቲ መሕተቲ ኪታምካ ምንባር ኣይትረስዕ!

## ክፍሊት

ክፍሊት መሕተቲ ፓስ ኣብዚ እዋን'ዚ 750 ክሮኖር'ዩ ዘሎ፤ እዚ ኸኣ መሕተቲ ከተእቱ እንከሎኻ ኢኻ ትኸፍሎ፣ ክፍሊት ከይከፈልካ ዘእተኻዮ መሕተቲ ፓስ ኣይሳለጥን'ዩ፣

እዚ ክፍሊት መሕተቲ። ነቶም ከም ስደተኛታት ተመቒኒኖም ናብ ሃገረ ሽወደን ዚመጹኡ (ክቮት ፍሊክቲንጋር)። ነታ ፈለማኦም ዚወስድዋ ፓስፖርት ኣይምልከትን'ዩ፣

## ጊዜ ትጽቢት

እቲ እተእትዎ መሕተቲ ኀደሎ ዘይብሉ ምስ ዚኸውንን። ኵሎም እቶም ዚድለዩ ሰነዳት ምስ እተማልእን። ጒዳይካ ብቐልጡፍ ርኢና ከነሳልጠልካ ዘሎ ዕድል ይዛይድ፣

ቦርድ ሚግረሽን። ካብታ ንጒዳይካ ርእዩ ፍረምሊንስፓስ ክትወስድ ዚፈቕደልካ መዓልቲ ክሳዕ እታ ፓስ ትዳሎ። ከም ንቡር ካብ ሓደ ክሳዕ ክልተ ሰሙናት ይወስድ፣

ኣስተውዕል። እቲ ዚወሃበካ ፍረምሊንስፓስ ብኣካል ኬድካ ኢኻ ተምጽኦ፣ ዕድመኻ ትሕቲ ı8 ዓመት እንተ ኾይኑ። ንስኻ ብኣካል ክትርከብ ከየድለየ። ወላዲኻ ወይ መዕበይኻ ኪቕበለልካ ይኽእል'ዩ፣

## ፓስፖርት ዘገልግለሉ ጊዜ

ፍረምሊንስፓስ ንሓሙሽተ ዓመት የገልግል፤ ብድሕሪኡ ግን ኣይናዋሕን'ዩ፣

መንበሪ ፍቓድካ ከተናውሕ እንተ ደሊኻ። ግን ፓስፖርት ዘየውጻእካ እንተ ኾይንካ። ፍቓድካ ክናውሓልካ መሕተቲ ኣብ ተእትወሉ ጊዜ ምስኡ ብሓደ ፍረምሊንስፓስ ኪወሃበካ'ውን መሕተቲ ኣእቱ፣

## ይግባይ ምባል

ቦርድ ሚግረሽን ንፍረምሊንስፓስ ብዝምልከት ዚህቦ ውሳነ ይግባይ ምባል ኣይከኣልን'ዩ፣

## ቅጥዕታት

ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ መካነ-መርበብ ቦርድ ሚግረሽን www.migrationsverket.se ቅጥዕታት ከተውጽእ ወይ ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ፣ ብኢ-መይል። distribution-en@migrationsverket.se ጽሒፍካ ክትእዝዝ ወይ ከኣ ናብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ጽሒፍካ ክትእዝዝ ትኽእል። **Migrationsverket, Distributionen, 601 70 Norrköping.**

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መካነ-መርበብ ቦርድ ሚግረሽን www.migrationsverket.se ተመልከት ወይ ከኣ ናብ ሓባሪ ቍ. ስልኪ **0771-235 235** ደውል፣

*ዘእተኻዮ መሕተቲ ፍረምሊንስፓስ ኣብ እነሳልጠሉ ጊዜ። ካብ መዝገብ ገበን ፖሊስ ንዓኻ ዚምልከት ሓበሬታ ነምጽእ ምዃንና ክንሕብረካ ንፈቱ፤.*

Migrationsverket

**ይግባይ ስለምባል**
ሚግራሾንስቨ̈ርከት ብዛዕባ ፍረምሊንግስፓስ ንዘሕልፎ ውሳኔ ይግባይ ኣይበሃሎን እዩ።

**ፎርማት/ኦርኒካት**
ብኢንተርነት ኣቢልኩም እቲ ዝምላእ ወረቓቕቲ ከተምጽኡ ወይ ከኣ ክትእዝዙ ትኽእሉ www.migrationsverket.se ብ ኢ-ፖስት ኣቢልኩም እውን ክትእዝዙ ትኽእሉ : distributionen@migrationsverket.se ወይ ከኣ ናብ Migrationsverket, Distributionen, 601 70 Norrköping ብምጽሓፍ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
ንዝያዳ ሓበሬታ ናይ ሚግራሾንስቨ̈ርከት ወብሳይት ተመልከቱ www.migrationsverket.se ወይ ከኣ ናብ Upplysningen 0771-235 235 ትድውሉ።

*ናይ ፍረምሊንግስፓስ መሕተቲ ኦርኒክኩም ምስ በጽሓና፥ ኣብ ናይ ፖሊስ ናይ ገበነኛታት ምዝገብ ምህላውኩምን ዘይምህላውኩምን ከም እነጻሪ ክንሕብረኩም ንፈቱ።*

Migrationsverket